ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ቤት ፅሕፈት ህንፀት ምምሕዳር መጎዓዝያ ከይዲ ስራሕ ቁፅፅር ዲዛይን ህንፀትን ስራሕቲ ንናይ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ቤት መዘጋጃ ግልጋሎት ዝዉዕል ኣብ ጣብያ ሰለክለካ ፍሉይ ቦታ ማይ ትዎሮ ዝህነፅ ማእከል ዕደጋ እንስሳስ ብናይ ፕሮግራም ምጥንካር ስርዓተ ምግቢ በጀት ንምስራሕ ኣብ ስራሕቲ ዘፈር ኮንስትራክሽን ንዝተዋፈሩ ሕጋወያን ኮንትራክተራት ደረጃ ሓሙሽተን ልዕልኡን ብምልክታ ፕረፎርማ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 16, 2018 ( ቅድሚ 6 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 21, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:460000
- ቦታ:ወረዳ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:--
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 21, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ 2017ን 2018 ዓም ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ : ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ብቅዓት መረጋገፂ ሰርተፊኬትን : ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ሰርትፊኬትን: ቲን ናምበርን ቫት ሰርተፊኬት ናይ ኩሎም መረዳእታ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ

2 ቫት ተመዝገብቲ ናይ ወርሒ መስከረም 2018 ዓም ቫት ሪፖርት ዝገበርዎ መረዳእታ ኮፒ ከቅርቡ ዝክእሉ

3 ተወዳደርቲ መክበሪ ፐርፎርማ ብር 460000 ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ብስፒኦ ወይ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ባንኪ ዉሕስና ከቅርብ ኣለዎ

4 ኣብ ዉሽጢ 7 ዓመታት ልዕልኡን ዉዕሊ ወሲዱ ማለት ካብ 2011 ዓም ክስብ 2017 ዓም ኣብ ዘሎ ግዜ እንተወሐደ ሐደ ልዕልኡን ዉዕሊወሲዱ ናይ ሳላስን ሓሙሽተን ሚልዩን ዝሰርሐ ምኮኑ ግዜያዊ ርክክብ ወይ ናይ መወደእታ ርክክብ ፐይመንት ሰርተፊኬት ዘቅርብን

5 ተወሳኪ እዉን ብፅሬት በቲ ዝተዉሃቦ ዲዛይን ግዜን መሰረት ሰሪሑ ዝወደአ ምካኑ ድጋፍ ደብዳብ ካብቲ ዝሰርሓሉ ትካል ከቅርብ ዝክእል

6 ሰዓራይ ዝኮዉን ተወዳዳራይ ኩሎም ዝተሐተቱ ረቆሒታት ኣማሊኡ ዝተሐተተ ዋጋ ዝኣተወ ይከዉን

7 ብዘይ ምንም ቅድመ ክፍሊት ብናይ ባዕሉ ዓቅሚ ክሰርሕ ዝክእልን ናይቲ ዝሰርሖ ስራሕቲ ድማ እናተረጋገፀ ክፍሊት ዝፍፀም ምካኑ ኣከፋፍሉ ድማ ቀደማይ ክፍሊት 25 ሚእታዊ ምስ ሰርሐ ካልኣይ ክፍሊት 50 ሚእታዊ ምስ ሰርሐ ሳልሳይ ክፍሊት 75 ሚእታዊ ምስሰርሐ ዝተረፈ ድማ ኣብ መወዳእታ ክፍሊት ዝክፈል ምካኑ ክፍለጥ ኣለዎ

8 ሰዓራይ ተኮናተራይ ምስዓሩ ካብ ዝተረጋገፀሉ ግዜ ጀሚሩ ብ ዉሽጢ 10 ስራሕ መዓልቲታት ናይ ስራሕ መርሃ ግብሪ ኣቅሪቡ ዉዕሊ ብምእሳር ብዘተዉሃቦ ዲዛይንን መዓቀኒን ሰርተፊኬትን ብዉዕሉ መሰረት ሳይት ካብ ዝተረከበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጪ 120 ተከታታሊ መዓለቲታት ሰሪሑ ከረክብ ዝክእል

9 ሰዓራይ ተወዳደሪ ድሕሪ ምስዓሩ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ መከበሪ ዉዕሊ ብመልክዕ ስፒኦ ወይድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ካብቲ ጠቅላላ ዘሸነፎ 10 ሚእታዊ ከቅርብ ዝክእል

10 ኩሎም ተወዳደርቲ ሰነድ ፕረፎርማ ካብ 14/4/2018 ዓም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ህንፀት ምምሕዳር መጎዓዝያ ከይዲ ስራሕ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ቁፅፅር ዲዛይን ህንፀት ስራሕቲ ህንፃ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ህንፃ ቁፅሪ 16 ክወስዱ ይክእሉ

11 ፐርፎርማ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ፐርፎርማ ካብ ዝክፈተሉ ግዜ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታሊ 30 መዓልቲ ይከዉን

12 ተወዳደርቲ ናይ ዝወዳደርሉ ፕሮጀክት ዋጋ ዝሐዘ ደኩመንት ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ሰነዳትን አብ ዝተፈላለየ ፖስታታት ምስዓሸጉ ኦርጅናልን ኮፒን ኢልካ ኣብቲ ልዕል እቲ ኣናእሸተይ ኩሎም ፖስታታት ብማርከር ብምፅሓፍን ማህተም ኣብ ልዕሊ ብምግባርን ዳግሞ ኩሎም አብ ኣናሸተይ ፖስታታት ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ መሊሶም ብምዕሻግ ማህተም ክዓርፎ ብምግባር ናይቲ ዝወዳደርሉ ፕሮጀክት ሽምን ናይ ኮንትራክተር ሽም ኣድራሻን ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብይ ፖስታ ብማርከር ብምፅሓፍን ነቲ ዉድድር ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ አብ ህንፃ 16 ዕለት 21/4/2018 ዓም ክሳብ ሰዓት 4:00 ከቅርብ አለዎ እቲ ፐርፎርማ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:30 ባዕሎም ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክብሉ ይክፈት ኣብ ሳንዱቅ ዝአተወ ፖስታ ብዘይምህላዎም ዘይክፈት ኣይህልዉን

13 ተወዳደርቲ ኣብቲ ፐርፎርማ ሰነድ ዝተትሓዙ ዝርዝር ብትክክል ዋጋ መሊኦም ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ ፐርፎርማ ደኩመንት ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ደኩመንት እንተይኣዛብዑ እቲ ሰነድ እንተይኣዛብዑ እቲ ደኩመንት ከምቲ ክሽየጥ ዝነበሮ ከይኣጎደሉ ከቅርቡ አለዎም

14 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ፐርፎርማ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0923306009

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle